ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ዘበአሥመራ
አሥመራ - ኤርትራ

ቍ. ሳ. ጶ. 244
ቴሌ. 00291-1-12 02 06
ፋክስ 00291-1-12 65 19

# ወካዕበ ንዜንወክሙ ዜና ሰናየ
# ደጊምና ጥዑም ዜና ነበሥረኩም

፳፱ ለካቲት፣ ፳፻፬ ዓ.ም.ግ. 08 መጋቢት 2012 ዓ.ም.ፈ

*"ንቶም ብጽቡቕ ዜገልግሉ መራሕቲ ቤተክርስትያን*
*ምናዳ ንቶም ወንጌል ዚሰብኩን ዚምህሩን ዕጽፊ ክብሪ ይግብኦም እዩ"*
*(፲ጢሞ 5፣17)*

ክቡራን ጳጳሳት፣ ካህናት፣ ደናግል፣ ምእመናን ክርስቶስ ብሓበራ።

ሰላም እግዚኣብሔርን ጽላል ኣዴና ኪዳነ ምሕረትን ሓለዋ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀመላእክትን ወትሩ ኣይፈለኹም።

**ወካዕበ ንዜንወኩም ዜና ሰናየ!**

ኣብታ ብዕለት 24 ናይዚ ወርኀ'ዚ ዝጸሓፍናያ፣ ናይ ሓዳስ ሰበኻ ምምሥራትን፣ ምምራጽ ሓዲስ ጳጳስን እተበሥር መልእኽትና ኣቐዲምና ከምዘመልከትናልኩም፣ እንሆ ጥቀ ክቡር ምሩጽ ጳጳስ ኣባ ፍቕረማርያም ሓጎስ፣ ጵጵስና ዝቕበሉሉን ዝጽምበሉሉን ቦታን ዕለትን ፈሊና ክንሕብረኩም ደስ ይብለና።

እዚ ከኣ መዓርገ ጵጵስናኦም ፣ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ፣ **ሰንበት፣ ፲፪ ግንቦት ( በዓለ ሚካኤል) ፳፻፬ ዓ.ም.ግ፣ 20 ግንቦት 2012 ዓ.ም.ፈ** ከምዝኸውን፦ ኣብ ሰሙኑ ድማ፣ ማለት፣ **ሰንበት ፲፱ ግንቦት (በዓለ ገብርኤል) ፳፻፬ ዓ.ም.ግ፣ 27 ግንቦት 2012 ዓ.ም.ፈ.** ኣብ ሰገነይቲ ምርካብ መንበርን ጽምብልን ከምዝፍጸም ብዓብይ ሓጎስ ከነበሥረኩም ንደሊ።

እዚ ውራይ እዚ ውራይ ናይ ነፍስወከፍ ካቶሊክዊ/ት ኣባል ምኻኑ ንስሕቶ ኣይመስለናን። ስለዚ ዕውት በዓል ምእንቲ ክኾነልና ንመዓልቲ ጵጵስንና ጽንብልን፣ ብመንፈስን፣ ብመደብን፣ ብንዋትን፣ ብጽቡቕ ክንዳሎ ዝሕግዛና ክልተ ኮሚቴታት ብዝቖልጠፈ ቆይመን ነቲ ዘድሊ መደባት ክሰርዓልና ምኺነን፣ እሞ ነፍስወከፍና፣ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዘሎና ደቂ ቤተክርስትያን፣ ምስዘን ዝተጠቕሳ ኮሚቴታት ብተገዳስነት ለጋስ ምትሕብባር ክንገብር ሓደራ ንብል።

ቅድሚ ኩሉ፣ ኩለን ስድራቤታትን፣ ቍምስናንታትን፣ ኣብያተ ጸሎትን ገዳማትን፣ ምእንቲ፣ ጥቀ ክቡር ኣባ ፍቕረማርያምን፣ ምእንቲ እዘን ኣዳለውቲ ኮሚቲታትን፣ ምእንቲ መላእ ቤተክርስትያናን፣ ካብ ሕጂ ኣብ ጽዑቕን ቀጻልን ጸሎት ክጽመዳ፣ ከምኡ'ውን በብዝኽእለተን ነዚ ዝተጠቕሰ ክልተ በዓላት ዘድሊ ቍጠባውን ጉልበታውን ካልእ ሓገዛትን ብምብርካት ክሳተፋ ነተባብዕ። እተን ክልተ ኮሚቴታት ምስ ቆማ ዘድሊ ተወሳኺ ሓበሬታ ብዝቐልጠፈ ክለኣኽልኩም ምኺኑ'ውን ነረጋግጽ።

እግዚኣብሔር ኣብ ዘዘሎናዮ ዝተባረኸ ዘመነ ጾምን ሰሙነ ሕማማትን ይግበረልና፣ ናብ ብርሃነ ትንሣኤኡ ከኣ ብደኃነ ሰላም ይጸንብረና። ኣሜን።

ምስ ብዙኅ ሰላምታ፣

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ

ካቶሊካዊ መንበረ ጵጵስና ዘበአሥመራ - ኤርትራ
Catholic Bishop's House